ጸብጻብ ብሩራዊ ኢዮቤል ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ዊኒፐግ

መበል 25 ዓመት ብሩራዊ ኢዮቤል ማዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ፡ ብኣዋሃሃዲት ሽማግለ ባዓላት ብዝላዓለ ምድላዋትን ብሓያል ውዳቤን "ርብዒ ዘመን ኣብ ልምዓትን መኸተን" ኣብ ትሕቲ ዝብል መርሓ ቅጽል ብዉዕዉዕ መንፈስ ከምዝተባዕለ ክሕብር እደሊ።

ኣብቲ ብ22 ግንቦት 2016 ኣብ ዝተጸንበለ ድሙቕ ዝኾነ ኣዳራሽ ፡ ዝበዝሕ ትሕዝቶ ንታሪኽን ገድልን ኤርትራ ዝገልጽን ፡ ንህጻናት ካኣ ብኣውርኡ ልዑል ዛሳተፈ ኮይኑ ኣብ`ቲ ኣጋጣሚ ብሕጻናት ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ቛንቛን ባህልን ኤርትራ ናይ ከተማና ፡ ንሕሉፍ ታሪኻት ገድሊ ዘርኢ "ተወደብ" "ማኣዲ" ምርኢት ድሕሪ ምቕራቦም ፡ ብቛንቖኦም ብዝሕበኑሉ ኣገባብ ዝተፈላለየ "ኤርትራን ምስላን " ባንዴራናን ትእምርትታቱን ንክብርን ትሕዝቶን ሒዛቶ ዘላ ሰንደቕ ዕላማ ሰፊሕ መግለጺ ንህጻናት ከምዝተዋህበ ፡ ቀጺሎም መንእሰያት ዊኒፐግ ብወገኖም ምዕሩግን ትሕዝቶ ዘለዎ ግጥምታትን፡ ከምኡ ክኣ "ባህልናን መንነትናን" ቃል እንኣትወላ እትብል ድራማ፡ ንመነባብሮ ባህሊ ስድራቤት ኤርትራ ኣብ ወጻኢ እተንጸባርቕ ኣቕሪቦም።

ሃማዱኤ ከተማ ዊኒፐግ ብወገነን ፡ ነዚ ባዓል ንምድማቕ ከም`ቲ ትማሊ ኣብ ግዜ ሰውራ ዘዕጠቓን ዝተቓለሳን ሎሚ`ውን ፡ ነዚ ባዓል ንምምዕራግን ንምዕዋትን ማዓርግ ሂበንኦ ኣምስየን። ብህቡባት ስነ-ጥበባውያን ታረቀ ተስፋሂወትን ፡ ውልዶ ድምጻዊት ሳሊና -ጸጋይን ምስ ጉጅልኦም ካብ ሚኒሶታ ኣሜሪካ ነዚ ባዓል ንምድማቕ ብባህላውን ዘመናውን ዋሓለ ዝኾነ ምርኢት ኣቕሪቦም።

ቀጺሉ ኣብ ዝዋዓለ መዓልቲ ግንቦት 24, 2016 ብዙሓት ኤርትራውያን ህጻናትን ዓበይትን ኣብ ዝተረኽብሉ ንመጀመርያ ግዜ ውቅብቲ ባንዴራና ፡ ኣብ ሲቲ-ሆል(ማዘጋጃ ቤት) ናይ ከተማ ዊኒፐግ ካናዳ ፡ ብከንቲባ ናይ`ቲ ከተማ ብራይን-በውሞን ተሰንዩ መስርሕ ምስቓል ባንዴራ ኤርትራ ተኻይዱ። ኣብ`ቲ ምስቓል ባንዴራ ብሕጽር ዝበለ መግሊጺ ፡ ብኣቶ ዮውሃንስ - ማሓሪ ንታሪኽን ባህልን መዋእል መግዛእትን ኤርትራ ፡ ድሕሪ ምቕራቡ ስምዒትን ሓበንን ርዝነትን ዘበረኸ ህሞት ብምንባሩ ብዙሓት ኤርትራውያን ካብ ኣዒንቶም ንብዓት ክዛሪ ተራእዩ። እዚ ታሪኻዊ ዕለት ኤርትራዊ ኣብ ዝሃለወ ሃልዩ ፡ ንሃገሩን ንባንዴርኡን ዘለዎ ፍቕሪ ቀሊል ብዘይምኧኑ እዩ። ብቑጽሪ ልዕሊ 400 ብምንባሩ ሱታፌ ናይ ህጻናት ፡ መንእሰያት፡ ኣዴታትን ኣቦታትን ካልኦት ማሓዙትን ልዑል ምንባሩ ክሕብር ይፈቱ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ወልደትንሳኤ ምሕረትኣብ

ጨ\መ\ህግደፍ

ዊኒፐግ ካናዳ